## ብሃንደበት ሞይቱ ዝብል ዜናዊ መርድእ ብምድግጋሙ ኣብ ዜጋታት ስኽፍታ ይፈጥር ኣሎ

ኣብ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒ ስልጣን ዝጸንሑ ሰባት፡ ሓሚሞም ከም ዝነበሩ ኮነ ዘጋጠሞም ጭቡጥ ምኽንያት ከይተገልጸ፡ ኣቶ እከለ ወይ ኮሌኔል እከለ ዝተባህለ ካብ ክሳብ ብተወፋይነት ዝሰርሐ ገዲም ተጋዳላይ ብሃንደበት ተሰዊኡ ዝብል ዝደጋገም ዜናዊ መርድእ ብማዕከናት ዜና ህግደፍ ዝሰምዑ ዜጋታት፡ ብሓላፍነታዊ ስምዒት ሻቕሎት ከም ዝሓደሮም ገሊጾም።

ከም'ዚ ዓይነት ኣማውታ ናይ ሓደ መንግስቲ ውሽጣዊ ቅልውላውን ውድቀትን ዘመልክት፡ ኣብ መለኽትን ፈራሓትን ስርዓታት ዝርአ ክስተት'ዩ ዝበሉ እቶም ወሃብቲ ርእይቶ፡ እዚ ብማዕከናት ዜና ህግደፍ ብሃንደበት ተሰዊኡ ንስምየ ዘለና መርድእ ግን ኣብ ሓደ ዓመት ክልተ ዓመት ዘይኮነስ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ዝደጋገም ዘሎ ብምዃኑ ምልክቱ ከቢድ'ዩ ኢሎም።

## ኣብ ዕዳጋታት ኤርትራ ዝዝርጋሕ ብቕዓቱ ዘይተሓለወ ዓይነታት መግቢ ጠንቂ ዝተፈላለየ ሕማማት ይኸውን ኣሎ

ኣብ ኤርትራ ፈቐድኡ ተዘርጊሑ ዘሎ ግዜኡ ዝሓለፈን ብቕዓቱ ዘይተረጋገጸን ዓይነታት መግቢ ጠንቂ ዝተፈላለየ ሕማማት ይኸውን ምህላዉ፡ ስሙ ክገልጽ ዘይደለየ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዑደት ዘካየድ ዘሎ በዓል ሞያ ሕክምና ኣረጋጊጹ ክትብል ረድዮ ኤረና ብ4 መስከረም 2017 ሓቢራ።

እቲ ናብ'ቲ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎ በዓል ሞያ፡ ህዝቢ ኣብ መዓልታዊ ህይወት ዝጥቀመሎም፡ ከም ዘይቲ፣ ጠስሚ፣ ጸባ፣ ማልማላታ፣ ጽግኽን ዝተፈላለዩ ከም ብሽኮቲ ዝኣመሰሉ ምቁራት መግብን ብብዝሒ ኣብ ጎደናታት ተዘርጊሖም ከም ዘለው፡ ኣብ ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ኣብ ቆልዑ ከኣ ብፍላይ ቅድሚ ሕጂ ዘውቱራት ዘይነበሩ ውሽጣዊ ረኽስን ከም ኣለርጂን ዝኣመሰለ ርኡይ ጥዕናዊ ጸገማት ይፈጥር ምህላዉ ምርግጋጹን ገሊጹ።

ብካልእ ዜና፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ስዊዘርላንድ ካብ ሰራዊት ህግደፍ ብወግዒ ዝተሰናበቱ'ሞ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከቡ ኤርትራውያን ኣብ ሃገሮም ብሰላምን ንምንባር ጸገም ስለዘይብሎም ናብ ሃገሮም ክምለሱ ኣለዎም ክብል ብ31 ነሓሰ 2017 ከም ዝወሰነ፡ እቲ ውሳነ ነቶም ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ናብ'ታ ሃገር ዝኣተው'ሞ 2% ዘይሕጋዊ ክብሪ ንስርዓት ህግደፍ ክኸፍሉ ዝጸንሑ ኮነ፡ ነቶም ሓደስቲ ዝኣትው ዘለው ዝምልከት ምዃኑ፡ ክሳብ ወርሒ ሓምለ 2017 ኣብ ስዊዘርላንድ ናይ ዝኣተው ኤርትራውያን ቁጽሪ 14,500 ከም ዝበጽሐ፡ ካብ'ዚኣቶም 9000 ግዝያዊ መንበሪ ወረቐት ከም ዝተዋህቦምን ንማዕከን ዜና ሮይተርስ ብምጥቃስ ረዲዮ ኤረና ወሲኻ ሓቢራ።

**ኣብ ለንደን ሕድሕድ ምትእምማን ዘለዎ ሕብረተ-ሰብ ንምፍጣር ዝዓለመ ኮንፈረንስ ተኻይዱ።** ብሓው በረኸት ካሕሳይ ተወዲቡ፡ ካብ ዝተፈላለየ ኩርነዓት ዓለም ተዓዲሞም ዝመጽኡ ኤርትራውያን ዝተረኽብሉ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ሕድሕድ ምትእምማን ዘለዎ ሓያል ሕብረተ-ሰብ ንምህናጽ ዝዓለመ ሰፊሕ ኮንፈረንስ ብ2-3 መስከረም 2017 ከም ዝተኻየደ መርበብ ኣሰና ብ4 መስከረም 2017 ኣፍሊጣ።

ኣብ'ቲ ኮንፈረንስ ንሕሉፍ ተመክሮ ብምግምጋም ነቲ ኣወንታዊ ሸነኹ ብምውሳድን ብከመይ ኣብ ግብሪ ክውዕል ከም ዝኽእል ተዛትዮም ክውሰድ ብዛዕባ ዝከኣል ስጉምቲ ከም ዝኣመተ፡ ኣብ ኮንፈረስን ዝተዓደመ ሚስተር ጂም በርናንድ-ስሚዝ ዝተባህለ ወጻእተኛ ብወገኑ ህዝቢ ኤርትራ ንነጻነቱ ሓርነታዊ መሰላቱን ክብል እዚ ኩሉ ዋጋ ከፊሉ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ደልሃመት ምውዳቑ ዘይሕዝን'ዩ ከም ዝበለን ጸብጺባ።

ዝተፈላለዩ ኣባላት'ቲ ኮንፈረንስ ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ሕድሕድ ምትእምማን ንምፍጣር ዝተገበረ ተመክሮን ዝተረኽበ ኣወንታዊ ውጽኢትን ናይ ካልኦት ሃገራትን ሕብረተ-ሰባት ብሰንዳት ብምቕራብ ከም ዘህብተምዎ፡ ነዚ ዛዕባ'ዚ ኣብ ምስፋሕ ግደ መራኽቢ ብዙሓንን መንእሰያትን እንታይ ክኸውን ከም ዝግባእ'ውን ብፍሉይ ኣርእሲ ቀሪቡ ከም ዝተዘርበሉን ኣረዲኣ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 08-09-2017